Asylum Support Partnership
help and advice

March 2011 Tigrignia

# እቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣብቲ ናይ መወዳእታ መስርሕ በጺሑ ከሎስ ሓገዝ ወይ ኣታዊ ዘይብሉ ድኻ ውልቀሰብ ዲኻ?

እቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ (UK Border Agency - UKBA) ነቲ ዘእተኹሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ነጺግዎ ድዩ? በቲ ዘቕረብክሞ ናይ ዑቕባ ምርካብ ይግባይ ከይተዓወተ ድዩ ተሪፉ? ካብ መንግስትን ካብ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲን (UKBA) - UKBA ሓገዝ ብምውሳድ ትናበሩ እንተደኣ ኔርኩም ኲንኩም፡ ሕጂ UKBA ነቲ ሓገዝ ጠጠው ከብሎ እዩ። ሓተቲ ዑቕባ ይግባይ ናይ ምሕታት መሰል እንተደኣ ዘይብሎም ኲይኖም፡ ብቤት ጽሕፈት UKBA ናይ ቅድሚ ሕጂ ሓተቲ ዑቕባ ተባሂሎም ይጽውዑ።

ብዙሕ ጊዜ፡ እቶም ሰበ ስልጣናት ብፍቓድኩም ዓዲ እንግሊዝ ለቒቕኩም ክትወጹ ይጽበይኹም፤ እንተዘይኮነ ከኣ ባዕላቶም ከውጽእኹም መንገዲ የዳልዉ። ቤት ጽሕፈት UKBA ካብ ዓዲ እንግሊዝ ሽዑ ንሽዑ ከውጽኣኩም እንተደኣ ዘይከኣለ ብዘይ መንበሪ ገዛ ከምእውን ብዘይ ገለ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ትጸንሑ።

እቲ ጉዳይ ከምዚ እንተደኣ ኮይኑ ድማ፡ ’ሰክሽን 4 ደገፍ’ (‘Section 4 support’) ዝበሃል ኣዝዩ ውሱን ዝኾነ ሓገዝ ንኽህበኩም ናብ ቤት ጽሕፈት UKBA ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ሓገዝ እዚ ነቶም ቀልዑ ዘይብሎም ናይ ቀደም ሓተቲ ዑቕባ ኢዩ ዝምልከት። ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድመኦም ቀልዑ ዘልዎም ሓተቲ ዑቕባ ግን ክሳብ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ዝወጹ ሓገዝ ይወሃቦም እዩ።

## ሰክሽን 4 ደገፍ ዝበሃል እንታይ እዩ?

ሰክሽን 4 ደገፍ ንምርካብ ብቑዓት ምስ ትኾኑ፡ ቤት ጽሕፈት UKBA ባዕልኹም መግብኹም እትሰርሕሉ መንበሪ ገዛን ከምእውን ንምግብኹምን ንኽልእ ኣድላዩ ነገራትን ከም መግቢን ናይ ሽንት ቤት ኣቕሑን ዝኣመሰሉ ነገራት መግዝኢ ዝኸውን ናይ ‘Azure’ ካርድ ክህበኩም እዩ። ጥረ ገንዘብ ኣይክወሃበኩምን እዩ። እቲ ሰሙናዊ ዝወሃበኩም ሓገዝ ኣብቲ ናይ ‘Azure’ ካርድኹም ከምዝኣቱ ይግበር። እቲ ናይ Azure ካርድኹም ኣብ ከምኒ Asdaን Tescoን ዝኣመሰሉ ሓደሓደ ድኳናት ጥቓሚ ነገራት ንኣብነት ከም መግቢ፣ ናይ ሽንት ቤት ነገራት፣ መጸራረዪን ንምግዛእ ይጠቅም፡ ። ብዛዕባ ኣከፋፍላ Azure ካርድ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ነቲ "ሴክሽን 4 ኣከፋፍላ ናይ Azure ካርድ ድጋፍ" ዝብል ሓጺር ሓበሬታዊ ጽሑፍ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ተመልከቱ፥
http://languages.refugeecouncil.org.uk/english/summary.htm#26

መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ዝወሃበኩም መንበሪ ገዛ ካብ ከተማ ለንደን ወጻኢ ይኸውን። መንበሪ ኣባይቲ ናይ ምርካብ ዕድል ሓንሳብ ጥራይ ዝወሃበኩም ክኸውን እንከሎ፡ ብዝኾነ ምኽንያት ነቲ ዝተወሃበኩም ዕድል እንተደኣ ነጺግክሞ፡ UKBA ዝህበኩም ንነበረ ሓገዝ ከቋርጾ ይኽእል እዩ። ኣብ ሓደሓደ ፍሉይ ዝኮነ እዋናት ጥራይ ግን፡ እዚ ናይ ሰክሽን 4 ደገፍ ዝወሃቡ ሓተቲ ዑቕባ ኣብ ጥቓ ቤተሰቦም ከም ዝምደቡ ይግበር።

ከምእውን ኣብ መብዛሕትኡ እዋናንት እቲ ዝወሃበኩም መንበሪ ኣባይቲ ምስ ካልእ ሰብ እትቕመጥሉ ይኸውን። ምስ ካልእ ሰብ ክትነብሩ ዘይትኽእልሉ ፍሉይ ዝኾነ ምኽንያት እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ ግን ናብ UKBA ብጽሑፍ ክቐርብ ይግባእ።



Asylum Support Partnership is a partnership project hosted by the British Refugee Council
British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom, VAT no: 936 519 988

## ሰክሽን 4 ደገፍ ንምርካብ ዘድልዩ መምዘኒታት እንታይ እዮም?

ቤት ጽሕፈት UKBA ሰክሽን 4 ደገፍ ንክህበኩምን ንኽውሰን ኣዝዩ ጽኑዕ ዝኾነ መምዘኒታት ይሓትት። እቲ ናይ መጀመርያ መምዘኒ ድማ ሓገዝ ወይ ኣታዊ ዘይብሉ ሰብ ክትከውን ኣሎካ፤ እዚ ማለት ድማ መንበሪ ኣባይቲ ዘይብልካ ከምእውን/ወይድማ መግዝኢ መግቢ ዝኸውን ዋላ ሓንቲ ዘይብልካ ክትከውን ከሎካ ማለት እዩ። ክሳብ ሕጂ ብኸመይ መንገዲ ክትናበር ከምዝጸናሕካ ክትገልጽ ኣሎካ፡ ነዚ ዝድግፍ ክትረክብ ድማ ዘለካ መርትዖታት ድማ ከተቕርብ ይግበኣካ።

ከምእውን እንተወሓደ ሓደ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ነገራት ከተማልእ ይግበኣካ፥

1. ካብ ዓዲ እንግሊዝ ለቒቕካ ንክትወጽእ ዝግበኣካ ስጉምቲ ክትወስድ ይግበኣካ ወይድማ ባዕልኻ ከምኡ ክትገብረሉ እትኽእል ከተጠዓዕም ትኽእል ኢኻ።
2. ወይድማ፡ ብምኽንያት ኣካላዊ ዝኾነ ዕንቅፋታት ንዓዲ እንግሊዝ ለቒቕካ ናብ ዓድኻ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ፤ ንኣብነት ብምኽንያት ሕማም ወይ መዓልቱ ዝቐረበ ጥንሲ።
3. ወይድማ፡ እንደገና ኣመልኪትካ ብ UKBA ዝተነጽገ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ናብቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ (High Court) ሓሊፉ እንደገና ክርአ ስለዝተፈቕደልካ። መተሓሳሰቢ፥ ኣብ ስኮትላንድ ጉዳይካ እንደገና ብቤት ፍርዲ ክርኣየልካ ከምዘመልከትካ ምርኣይ ጥራይ ኢዩ ዘድልየካ። ከምእውን ምስ UKBA ገና ዘይተወደአ ጉዳይ ክህልወካ ይኽእል እዩ፤ እዚ ድማ ከምኒ ዑቕባ ናይ ምርካብ ሓድሽ ምልክታ።
4. ወይድማ፡ ካብ ሓደጋ ናጻ ዝኾነ መጎዓዚ ስለዘየለ ክትምለስ ኣይከኣልካን። ብናይ UKBA ርድኢት ኣብዚ እዋን እዚ ከምዚ ዓይነት መርትዖ ዝምልከታ ሃገር የላን። እዚ ነገርዚ እንተደኣ ተቐይሩ ድማ እቲ ጠበቓኻ ወይድማ እቲ ኣማኻሪ ናይ ሓገዝም ምኽርን ኣገልግሎት (One Stop Service) ክሕብረኩም እዩ።
5. ወይድማ፡ ናትካ ሰብኣዊ መሰላትካ ንዘይምግሃስ ተባሂሉ መንበሪ ኣባይቲ ክወሃበካ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን። ንኣብነት፡ ሕጂ ሓድሽ ካልእ ናይ ዑቕባ ሕቶ ኣመልኪትካ እንተኾንካ እሞ እዚ ዓንቀጻት ወይ ሓበሬታታት እዚ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ዘመልከትካዮ ናይ ዑቕባ ሕቶ ግዜ ዘይወጸ እንተደኣ ኔሩ ኮይኑ፤ ናይ ሰክሽን 4 ደገፍ ክወሃበካ ይግባእ።

UKBA ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣመልካቲ ናይ ሰክሽን 4 ደገፍ መሰላት ዝሕሉ ክኸውን እንከሎ፡ ስለምንታይ ንዓድኻ ክትምለስ ወይ ክትጎዓዝ ከምዘይትኽእል መርትዖ ዝኸውን ጽሑፋት ወይ ዶኩመንት ከተቕርብ ይሓትት። እዚ ድማ ስለምንታይ ክትጎዓዝ ከምዘይትኽእል ዝገልጽ ናይ ሓኪም ወረቐት ወይድማ ብናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ጉዳይካ እንደገና ከምዝርአ ዝገልጽ ደብዳቤ ክኸውን ይክእል።

## ሰክሽን 4 ደገፍ ንምርካብ ብኸመይ የመልክት?

ንሰክሽን 4 ደገፍ ንምርካብ ዘመልክቱ ሓተቲ ዑቕባ ዝኸውን ክልተ ናይ መመልከቲ ፎርምታት ኣለዉ። ናይ ሰክሽን 4 ደገፍ መመልከቲ ፎርም ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ክርከብ ይከኣል፥
http://www.ukba.homeoffice.gov.uk/asylum/support/apply/section4/
ነቶም ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎታት ተወከሶም፡ ንሳቶም ድማ ኣየናይ ፎርም ክትጥቀም ከምዘሎካ ምኽሪ ክህቡኻ ከምእውን እቲ ኣድላዪ ዝኾነ ፎርም ኣብ ምምላእ ክሕግዙኻ እዮም። እቲ ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎታት ኣማኻሪ ድማ ነቲ ምልክታኻ እንደገና ንኽርአ ናብ UKBA ምስ ለኣኾ፡ እቲ ዝተወሃበ ውሳኔ እንታይ ሙኻኑ ክሕብረካ እዩ። ካልእ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ከምዘድልየካ ድማ ክሕብሩኻ እዮም፤ ንኣብነት፥ ካብቲ መንበሪኻ ናብቲ ሪፖርት እትገብረሉ ማእከል ንምኻድ ናይ መጎዓዝያ ወጻኢታት እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ ይሕብሩኻ። ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎት ንምርካብ ኣብ መወዳእታ እዚ ጽሑፍዚ ዘሎ ተመልከት።

እዚ ሰክሽን 4 ደገፍ ንኽትረክብ ብዘይካ እዚ ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎታት፤ ሕጋዊ ወኪልካ ወይ ጠበቓኻ፣ ናይ ከባቢ ናይ ሕጊ ማእከል፣ ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቦታ (Citizens Advice) ወይድማ ናይ ስደተኛታት ማሕበር ኮሚኒቲ እውን ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ቅድሚ ሕጂ እትረኽብዎ ዝነበርኩም ደገፍ ከምዘቋረጸ ካብ UKBA ደብዳቤ ምስ ተቐበልኩም፡ ናይ ሰክሽን 4 ደገፍ ንምርካብ ቀልጢፍኩም ከተመልክቱ ከም ዝግበኣኩም ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ።

ሰክሽን 4 ደገፍ ንምርካብ ዘድሊ ኣሰራርሓን ሕግን ብግቡእ ከምዝተረዳኣካ ንምርግጋጽ ኣብቲ ናይ መመልከቲ ፎርም ክትፍርም ይግበኣካ፤

- ሰክሽን 4 ደገፍ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ መንበሪ ኣባይቲ የጠቓልል።
- መብዛሕትኡ ግዜ UKBA ካብ ለንደን ወጻኢ መንበሪ ኣባይቲ ይህቡ፤ እዚ ማለት ድማ ኣብ ለንደን ክትቅመጥ ከምዘሎካ ፍሉይ ዝኾነ ምኽንያት እንተዘየሎ ኮይኑ ናብ ካልእ ቦታ ክትግዕዝ ትሕተት።

- ናይ ሰክሽን 4 ደገፍ ንኽትቅበል ብቑዕ ሙኻንካ ንምርኣይ UKBA ጉዳይካ ክምርምር እዩ።
- ናይ ሰክሽን 4 ደገፍ እንተደኣ ተዋሂቡካ እሞ እቶም ሰበ ስልጣናት ድማ ሓደሓደ ሓበሬታታት ክትህብ እንተደኣ ተሓቲትካ፡ ዝተሓተትካዮ ከተቕርብ ኣሎካ።

እቲ ዘእተኻዮ ምልክታ እንተደኣ ተዓዊቱ፡ UKBA መንበሪ ኣባይቲ ንኽረኽበልካ ቁሩብ መዓልታት የድልዮ፤ ደሓር ድማ ናብቲ ዝረኸቡልካ መንበሪ ንኽትጎዓዝ ናይ መጎዓዝያ ቲኬት ይሰዱልካ።

## ኣብ ትሕቲ ሰክሽን 4 ደገፍ ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ክጸንሕ እኽእል?

UKBA ናይ ሰክሽን 4 ደገፍ ንምቕባል ብቑዕ ምኳንካ ንምርኣይ መመሊሱ ኩነታትካ ይከታተል። እቲ ዝነበርካዮ ኩነታት ተቐይሩ እንተኾይኑ ከምእውን ካብ ዓዲ እንግሊዝ ንከይትወጽእ ዕንቅፋት ዝኾኑ ነገራት ገና ምህላዎም ንምርግጋጽ እንደገና ይምርምሩ።

## እቲ ሰክሽን 4 ደገፍ ንምርካብ ዘቕረብክዎ ምልክታ እንተደኣ ዘይተዓወተ ኸ?

ነቲ ሰክሽን 4 ደገፍ ንምርካብ ዘእተኻዮ ምልክታ UKBA እንተደኣ ነጺግዎ፡ ነዚ ውሳኔ እዚ ብምቅዋም ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ፤ ነዚ ንምግባር ድማ እቲ ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎታት ቤት ጽሕፈት ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ኣብ ሓጺር እዋን ድማ ናይ ይግባይ መመልከቲ ክተእትው ይግባእ።

ንመጨረሻ ግዜ ሰክሽን 4 ደገፍ ክወሃበካ ዘመልከትካሉ እዋን ኩነታት እንተደኣ ተቐይሮም ኮይኖም እንደገና ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ከምእውን ነቲ ዘቕረብካዮ ናይ ዑቕባ ሕቶ ዝድግፍ ሓድሽ መርትዖ እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ እንደገና ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። UKBA ድማ ሓገዝ ወይ ኣታዊ ዘይብልካ ውልቀሰብ ሙኳንካን ከምእውን ክሳብ እቲ ምልክታ ተእትወሉ እዋን ብኸመይ ትናበር ከምዝነበርካን ክሓቱኻ እዮም።

## ካልእ እንታይ ዓይነት ደገፍ ኣሎ?

ኣካላዊ ዝኾነ ጉድለት ወይድማ ናይ ምምሃር ድሕረት፣ ናይ ምስማዕ ወይ ምርኣይ ሽግር፣ ናይ ኣእምሮ ሕማም ወይውን ነባር ዝኾነ ናይ ጥዕና ጸገም እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ካብቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ናይ ማሕበራዊ (social services) ክፍሊ ኣገልግሎታት ሓገዛት እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ ክትሓትት ይግበኣካ። ንስኻ ወይድማ ካልእ ዝውክለካ ሰብ ነቶም ናይ ከባቢኻ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክፍሊ ሰበስልጣን ናይ ኮሚኒቲ ዝወሃብ ክንክን እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ ክትሓትት ይግበኣካ።

እቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣብቲ ናይ መጨረሻ መስርሕ በጺሑ እንተደኣ ኮይኑ እሞ ይግባይ ንኽትብል ድማ ደጊም መሰል ዘይብልካ እንተደኣ ኰንካ፡ ከምእውን ናይ ሰክሽን 4 ደገፍ ሕቶኻ ተነጺጉ፣ ርእስኻ እትኽእለሉ ዋላ ሓደ መንገዲ እንተደኣ ዘይብልካ ኮይኑ፣ ካብ ገበርቲ ሰናይ ማሕበራት ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ኣብ ሓደሓደ እዋናት፡ ናይ ከባቢ ኮሚኒቲ ማሕበራት ከምእኒ ናይ ስደተኛታት ማሕበር ወይድማ ናይ እምነት ጉጅለ ማሕበራት ውዕይ ምግቢ፣ ዕሹግ ምግቢ፣ ካልእ ዘድሊ ነኣሽቱ ነገራት ወይድማ ክዳውንቲ ይህቡ እዮም።

ኣየኖት ማሕበራት በዚ መንገዲ እዚ ከምዝሕግዛ ንምፍላጥ፡ ነቲ ኣብ ጥቓካ ዝርከብ ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎታት ጽሕፈት ቤት፣ ናይ ከባቢ ቀይሕ መስቀል (Red Cross) ጽሕፈት ቤት፣ ዝተፈላለየ ምኽሪ ዝርከበሉ ቦታ፣ ወይድማ ናይ ከባቢ ናይ ምኽሪ ማእከል ጽሕፈት ቤት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ወይድማ ካብቲ ናይ ህዝቢ ቤት መጽሓፍቲ ዝርዝር ኣድራሻታት ንኽወሃበካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እቶም ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ሰበስልጣናት በዚ መንገዲ እዚ ኣታዊ ወይ ሓገዝ ዘይብሎም ሓተቲ ዑቕባ ንምሕጋዝ ኣገልግሎታት ከዳልዉ ይኽእሉ እዮም።

## ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎታት

ከምኒ ናይ ሰሜናዊ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስደተኛታት አገልግሎት (North of England Refugee Service)፣ ረፍዩጂ ኣክሽን (Refugee Action)፣ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council)፣ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ (Scottish Refugee Council) ከምእውን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዌልስ (Welsh Refugee Council) ዝኣመሰሉ ናይ ስደተኛታት ገበርቲ ሰናይ ንስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን ሓገዝን ምኽርን ዝህባ ዘለዋ ዋና ማሕበራት እየን። እዘን ማሕበራት እዚኣተን በቲ ኣብ መላእ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከብ ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎታተን ቤት ጽሕፈተን ኣቢለን ብዛዕባ መንበሪ ኣባይቲ፣ ናይ ናብራ ሓገዝ፣ ዑቕባ፣ ጥዕናን ከምእውን ካልእ ጉዳያት ሓበሬታን ምኽርን ዝህባ እየን።

ብዛዕባ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ሓገዝን ምኽርን ኣገልግሎት፡ ዝርዝር ኣድራሻታት ኣብዚ ዝስዕብ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፥ http://languages.refugeecouncil.org.uk/english/services.htm

Asylum Support Partnership consists of:

North of England Refugee Service, charity number: 1091200 www.refugee.org.uk
Refugee Action, charity number: 283660 www.refugee-action.org.uk
Refugee Council, charity number: 1014576 www.refugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council, charity number: SC008639 www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Welsh Refugee Council, charity number: 1102449 www.welshrefugeecouncil.org